# መሰልና OUR RIGHTS

ብኤርትራዊት በርገሳዊት ማሕበር ኣብ ካልጋሪ እትዳሎ
Edited & Published by Eritrean Civic Society of Calgary

ሕታም ቍ./No. 03-01/02/2007
e-mail: ericivicsociety@yahoo.com


## ፍጻሜታት በርገሳዊት ማሕበርን ከባቢኣን

ሀ - ኤርትራዊት በርገሳዊት ማሕበር(ኤበማ) ኣብ ካልጋሪ ኣብ ወርሒ 06 2006 ተመስሪታ

ለ - በርገሳዊት ማሕበርና ኣብ 2006 ትሽዓተ ኣኼባታት ኣካይዳ ኣብ 2007 ብዝለዓለን ዝጸፈፈን ኣገባብ እውን ዛጊት 4 ኣኼባታት ኣካይዳ ትርከብ።

ሐ - በርገሳዊት ማሕበርና "መሰልና" ብትብል መጽሔትና ኣብ 2006 ሳልሳይ ሕታማት ዘርጊሓ ትርከብ

መ - በርገሳዊት ማሕበርና ብግዱሳት ተቐማጦ ኤድመንተን -ሃገረ ካናዳ ዝተገብረላ ዕድመ መሰረት ኣብ ዕለት 18ን 19ን ወርሒ 11, 2006 ዕዉት ዑደት ፈጺማ

ሰ - ኣብ 2006 ማሕበረ-ሰብ ከተማ ኤድመንተን ካብ ናይ ኢድ ኣእታውነት ህግደፍ ድሕሪ ምልቓቕ፣ ንሕብረተ-ሰብ ኤድመንተንን ከባቢኣን ዘገልግል ዕዉት ማሕበረ-ሰብ መስሪታ ትርከብ። ብዝሓንጸጽዎ ትልምታት መሰረት ንጥፈታታ ኣብ ምስልሳል ትርከብ። ካብዚ ሓደ ነታ እንኮ ፈነወ ራድዮ ብሽም ማሕበረ-ሰብ ኣመኺልያ ንህግደፋዊ ፕሮፓጋንዳ እተገልግል ዝጸንሐት ራሕሪሖም ኣብ ትሕቲ ማሕበረ-ሰብ ኤድመንተን እትካየድ ንህዝቢ ድልየታት ዘንጸባርቕን ዘርውን መደባት ዝሓዘት ፈነወ ረድዮ ብምጅማር ብዙሓት ሰማዕቲ ኣጥርያ ትርከብ።

ሸ - ኣብ ዕለት 8 ወርሒ 8 2006 ኣብ ካልጋሪ በርገሳዊት ማሕበር ምስ ኣቦ መንበር ናይ New Democratic Party ካናዳ ጃክ ለይተን ብምርኻብ ብዛዕባ ጉዳይ ኤርትራ ዘትያ።

ተ - ኣብ ዕለት 12 ወርሒ 1 2007 ኣባላት በርገሳዊት ማሕበር ምስ ናይ ኣውራጃ ኣልበርታ ፓርላማ ኣባል ናይ ሊበራል ፓርቲ ደቪድ ስዋን ብጉዳይ ኤርትራ ህዝብን መንግስትን ስደተኛታት ኤርትራውያንን ሰፊሕ ዝርርብ ኣካይዳ።

ቸ - ኣብ 31 መጋቢት 2007 ወከልቲ በርገሳዊት ማሕበር ናብ ኤድመንተን ብምኻድ፣ ምስ ግዱሳት ኤርትራውያን ዜጋታት ዝጸንሐ ምሕዝነት ናብ ዝለዓለ ጥርዙ ንምስግጋር ምይይጥ ኣካይዳ። በዚ ዕለት እዚ ኣብ ኤድመንተን ማሕበርና ካብ ደቡብ ኣፍሪቃ ካብ "ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንደሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን (ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ)" ዝተላእከላ ብርክት ዝበለ መጻሕፍቲ ተረኪባ። ኣርእስቲ ናይታ ዝና ዘትረፈት መጽሓፍ "ብድሆ ኣንጻር ኣተሓሳስባና" እያ። ተወሳኺ ቅዳሕ ዝደሊ እውን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻታት ብምውካስ ክረክብ ይኽእል እዩ።
ተለፎን + 27-12-440-4749 ኢ-መይል management@emdhr.org

# ለውጢ

## (ካልኣይ ክፋል) ከመይ ገርና ለውጢ ኣብ ነብስናን ከባቢናን ነምጽእ?

ዓለምና ኣካል ናይ ነገር ብምኳና፤ ብቐጻሊ ኣብ ምንቅስቓስን ምልዋጥን ትርከብ ምህላዋ ስነ-ፍልጠታዊ ሓቂ እዩ። ኣካል ናይ ዓለም ካብ ኮና ኣብ ቀጻሊ ለውጥን ምንቅስቓስን ብምህላውና ካብ ለውጥን ምንቅስቓስን ክነምልጥ ኣይንኽእልን። ንለውጢ ምስ ንነጽግ ግን፣ ውሽጣዊ ጸገማትና ክዓ ብን ክሕይልን ብምግባር ንነብስና ንጐድእ ኻካልኡት ዘካብቡና ዘበሉዉን ጸገም ኻኸውን። መድረኽ ናይ ለውጢ ጽፍሕታት እናሰፍሐን እናወሰኸን ክኸይድ እንከሎ፣ እቲ ንለውጢ ዝነጽግ ግን ክሳብ ዘይተለወጠ ኣብታ ዝነጸገላ ጽፍሒ ይተርፍ።

ስለምንታይ እዩ ሓደ ሰብ ለውጢ ዘየምጽእ? እንኮ መልሲ ናይዛ ሕቶ <u>“ፍ ር ሒ”</u> ትብል ኣምር/ኮንሰፕት እያ።

ብሓፈሻዊ ኣገላልጻ ሰብ ስለ ዝፈርሕ እዩ ለውጢ ዘይገብር ወይ ዘየምጽእ። ኣብ ዝርዝር ናይ ዝሓለፈ ሕቶ መልሲ ከይኣተና ንፍርሒ እንታይ እያ መፍቲሒታ ኢልና ምስ እንሓትት፣ “<u>ም ት ባ ዕ</u>“ ትብል ቃል ብከፊል ሓቂ ከተስምዕ ትኽእል። ቀንዲ መልሲ ግን ትፈርሕ ከም ዘለኻ ምእማን እዩ።

ትፈርሕ ከምዘለኻ ምስ ፈለጥካ ሽዑ ጥራሕ ኢኻ ለውጢ ከተምጽእ ትጅምር። ስለዚ መፈለምታ ፍታሕን ኣፍደገን ናይ ለውጢ፣ <u>ፍርሒ ከምዘለካ ምእማን</u> ቻኸውን።

ኩሉ ወዲ ሰብ ክፈርሕ ውሁብ እዩ። እንተ ዘይፈሪሕና ህይወት ክትቅጽልን ዝተመሓየሸ ናብራ ክንነብርን ኣይንኽእልን። ናይ ልውጢ ዓጋቲት ፍርሒ እያ ንብል፣ ተመሊስና ከኣ ፍርሒ ክህልወና ውሁብ እዩ ንብል። ኣብዚ ነገራት ይጋራጮ ዘሎዶ ኣይመስልን? ብፍጹም ኣይገራጮን እዩ ዘሎ። ፍርሒ ክህልወና ንቡር እዩ። ንልውጢ ከይነምጽእ ዝዓግተና ግን

እቲ ምፍራሕ ዘይኮነስ፣ <u>ፍርሒ ክገዝኣናን ክቈጻጸረናን እንከሎ ይኸውን</u>።

ስለዚ ፍርሒ ህልው እዩ ግንከ ነተሓሳስባና ክሰልበልናን ክጨውየልናን ከሎ እዩ ፍርሒ ዓጋትን ዘይተደላይን ዝኸውን።

ነስወከፍ ሰብ ግሁድን ሕቡእን ፍርሒ ኣለዎ። ዘይምፍራሕ ዕሽነት እዩ። ኣይፈርሕን እየ ምባል ዕሽነት እዩ። ኣብ ንጹር ናይ ለውጢ ጐደና ክንኣቱ እሞ ክንጕዓዝን ክንክእል፣ ማለት ፍርሒ ክንዲ ዝቈጻጸረና ክንቀጻጸሮ መታን ክንበቅዕ ክሕግዙና ዝኽእላ ነጥብታት እንህዋለ፦

1- ፍርሒ ከምዘለካ ተኣመን ትቈጻጸሮዶ ይቈጻጸረካ ምኽንካ ወይ ምኽኑ ኣነጺርካ ፍለጥ። ለውጢ ዘይትገብር እንተሊኻ ፍርሒ ይቈጻጸረካ ከምዘሎ ምርዳእ።

2- ኣብ ስራሕካ ወይ ኣብቲ ትስዕቦ መደብ ብቑዕ ንጹር ራእይን ሸቶን ናይ ሓጺርን ነዊሕን መደባትን ሕሉፍን እዋናዊ ጸብጻባት ኣፍልጦ ምህላው ካብ ብዙሕ ጥርጣሬታትን ደብዛዝ ግምታትን ሒዝካ ምኻድ የድሕኑኻ። ካብ ዘይተረጋግጸ ፍርሓትን ስግኣትን እውን ክትድሕን ትኽእል።

3- ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ክልተ ነጥብታት ካብ ሓደ ንላዕሊ ኣማራጺ መፍትሒ ዝኾኑ ሓሳባት ምቕራብ። *(ስለምንታይ እታ ሓንቲ ኣማራጺት ብቕዕቲ መፍትሒት ምስዘይትኸውን እታ ካልኣይቲ ወይ ሓንቲ ካብተን ቀጸልቲ ተዳልየን ዝርከባ ኣማራጺ ነጥብታት ትገጥም ትኸውን። ብኻልእ ኣዘራርባ Plan A, Plan B, Plan C ኣዳሊኻ ምጉዓዝ እዩ)።*

<u>ከነስትውዕለሉ ዘለና።</u>

ይትረፍ ቅሉዕ ምምራር/ምጥራዕ፣ ሕቡእ ውሽጣዊ ምምራር እንተኾነውን ናይ ፍርሒ ምልክት እዩ። ንፍርሒ እዩ ዘንጸባርቕ ወይውን ንፍርሒ እዩ ዝገልጽ።

ጠንቂ ናይ ምምራርና/ምጥራዕ ፍርሒ ምኧኑ ክንገልጽ ከለና ወይ ንምምራር/ምጥራዕ ዘብጽሑና ነገራት እንተ ብወድዓዊ ትንተና ዘይፈልጥና ኣብ ምምራር/ምጥራዕ ጥራሕ ጋማን (መካነክ ረውሕ) ኢና ክንብል። ብኻልእ እቲ ምምራር/ምጥራዕ ማለት ምምራር/ምጥራዕ ፍርሒ፣ ተቔጻጺሩና ኣሎ ማለት እዩ። ምምራር/ምጥራዕ ቀልጢፍና እንተ ዘይኣቋሪጽናዮ ልምዲ እውን ክኾነና ይኽእል እዩ። እንድሕሪ ኣብቲ ናይ ምምራር/ምጥራዕ ኻልኡት ምሳና ከማርሩ ኣብቲ ናይ ምምራር ዓንኬል ንክኣትዉ ነተባብዕ እንተ ኰና ኣዕናዊ ውጽኢት ከነኸትል እንኽእለሉ እዋን እውን ክህሉ ይኽእል እዩ። ንርእስና ተለኪምና ንኻልኡት ንልክም እንተኾና ብርቱዕ ፍርሕን ሽርሕን ተእታትዩና ኣሎ ማለት እዩ። እዚ ድኽመት እዚ እንተ ተደጋጊሙ ልምዲ ንኸይኮነና በብግዝይኡ ንነፍስና ክንግምግም እቲ ኣዎንታው ኣማራጺ እዩ።

<u>ዓይነታት ፍርሒ</u>
<u>(መቐጸልታ መደምደምታን ናይ ዝሓለፈት ሕታምና እያ)</u>

1- ምጥርጣር
2- ምምራር
3- ምጥራዕ
4- ምስካፍ
5- ምስጋእ
6- እንታይሞ ምባል ወዘተ…
7- ሓደ ሰብ (ሓለቓኻ፣ ኣያ፣ ወዘተ) ከነኣእሰካን ብዘይ እኹል ምኽንያት ክግስጸካ እንከሎ ኣተኵርካ ኣብ ገጹ ዘይምጥማት

እዞም ኵሎም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱን ካልኦትን፣ ዓይነት ፍርሒ ምኧኖም ንምርዳእ “ስለምንታይ” እጠራጠር ኣለኹ … ወዘተ.. እናበልና ንነብስና ብምሕታት እዛ <u>“ስለምንታይ”</u> ትብል ቃል ፍርሒ ከምዘለና ከተረጋግጸልና እትኽእል ሓያል ፈታሺት ናይ ሕቶ ቃል ጥራሕ ዘይኮነትስ ናብ ቀጺሉ ዝለዓለ ናይ ውሳኔ ጽፍሒውን ከተሰጋግረና ትኽእል ብምኧናን ካብ ግዙኣት ናይ ሓሳብን ጉልበትን ንኸይንኸውን ትሕግዘና። ኣብ ዓዲ ህግደፍ ናይ ምጽሓፍን ምዝራብን መሰል ጥራሕ ዘይኮነ ናይ ምሕሳብ መሰል እውን ውጉዝ እዩ። ክትሃድም ሓሲብካ ነርካ፤ ክትኵብልል ሓሲብካ፤ ወዘተ… እናተባህለ ብዙሓት መንእሰያት ህዝቢ ኣደዳ ባህደላን ምቕጥቃጥን ማእሰርትን ኰይኑ እዩ። ንዝኽዕነ ዝወሃበና ዘበለ መምርሒታትን ዝመሓላለፈልና ሓበሬታታትን ጠቓምነቱን ሓቅነቱን ከይሓሰብናሉን ከይተመራመርናሉን ከየረጋገጽናን ንስዕብን ነመሓላልፍን እንተኾና ካብ ሮቦት/ሰብ-ሰርሖ ተንቀሳቓሲ ነገር ዘይንሓይሽ ኢና ንኸውን። ብኻልእ ኣዘራርባ ከም እንስሳ ተጐቲትና ንኸይድ ተገዛእቲ ፍጥረት ኢና ንኸውን ዘለና። ስለዚ እዛ ናይ ሕቶ ቃል “ስለምንታይ” ትብል መታን ክንግደሰላ ኣስሚርናላ ንሓልፍ ኣለና።

## ኣደኻ ከምዝለኣኽትካ ዘይኮነስ
## ዕዳጋ ከምዝጸነሓካ!

ከም ባህግናን ትጽቢትናን እንተዘኾነልና እንትርፊ ንልዑል ፈጣሪ ምምስጋን፣ እንታይ ኢና'ሞ ጐዲሉና ክንብል?

ኣብ ዘለናያ “ምድሪ” ትብሃል ዓለም ምዕባለን ግስጋሰን ሕብረተ-ሰባት ክግለጽ እንከሎ “ፍጹምነት” ትብሃል ኣምር፣ ዘይትዕድልቲ ናይቶም ዝቕመጥዋ ደቂ ሰባት ወይ ሕብረተ-ሰብ እያ።

ኣብ ዓለምና ፍጹምነት እንታይ ምዃና ንምርዳእ እውን ብዙሕ ብሂላት ንሰምዕን ወይ ውን ባዕልና እውን ንደግሞም ብሂላት ኣይሰኣኑናን። ሓደ ካብቶም ብሂላት “ዓለም ትሽዓተ ዘይትመልእ ዓሰርተ” ዝብል ብሂል ምጥቃስ ይከኣል። እቲ ካብ ሓደ ክሳብ ዓሰርተ ዘሎ ቀጸላታት ዕብየትን ግስጋሰን ኣይንብጽሓዮ እንበር ክሳብ ትሽዓተስ ክብጻሕ ከምዝከኣል ብሃሳሰ ለባም ንርድኦ እዩ።

እንበኣር ክሳብ እቲ ዝለዓለ ቀጸላ ኣይንብጻሕ እንበር ክሳብ ዳርጋ ኣብቲ ጥቓ መወዳእታ ምብጻሕ ንባዕሉ ዓብይን ብዙሕን ዕብየትን ግስጋሰን እዩ። ኣብ ፍጹምነት ንምብጻሕ ገለ ዕብየትን ግስጋሰን ምምዝጋብ ኣብ ዝግበረሉ መስርሕ ሚዛን ክወሃቦ እንከሎ፤ ብ “ተዛማድነት” ጥራሕ እዩ ክግለጽ ዝከኣል።

ንኣብነት፥---

ብዛዕባ ኣምራት <u>ሰላምን</u> <u>ሓድነትን</u> ክንዛረብ እንተኾንና፤ ኣብ ዓለምና ፍጹም ሰላም ዝበሃል ክሰፍን ኣይክኣልን። ከምኡ’ውን ፍጹም ሓድነት ዝብሃል ክብጻሕ ኣይከኣልን። ዛጊት ኣብ ዓለምና ፍጹም ሰላም ወይውን ፍጹም ሓድነት የሎን። ተዛማዲ ሓድነት ተዛማዲ ሰላም ክህልወና ግን ይከኣል። ከምኡውን ብተዛማዲ ናይ ምንቁልቋል ሰላምን ሓድነትን ክንግምግም ንኽእል።

ኣዎንታዊ ትምኒትን ምትስፋውን ምሳና ህልው ብምዃኑ፥ ካብ ዝህልወና ትምኒትን ምትስፋውናን ተበጊስና ንትምኒትናን ንምትስፋውናን ንምዕዋት ብነርእዮ ጻዕርን ጽዓትን መጠን ትምኒትናን ምትስፋውናን ጋህዲ እናኾነ ይመጽእ። ብመጠን ጻዕርናን ጸዓትናን፣ ትምኒትናን ምትስፋውናን ሕልምና ዝገሃደልና ካብ ኮነ ዘይሕለል ጻዕርን ጸዓትን መፍትሕ ናይ ዓወትና ኣብ ልዕሊ ኩሉ ሽግራትና እዩ እንተበልና ካብ ሓቂ ፈጺምና ኣይርሓቕናን።

ስለዚ <u>ስሙር ውሕሉል ዘይሕለል ጻዕርን ጸዓትን ዘየጠራጥራ ናይ ዓወትና መፍትሒ ዝኾና ተግባራውያን ቃላት እየን</u>። ነዚኤን ውን ከነተኵረለን መታን ኣስሚርናለን ንሓልፍ ኣለና።

ብሕጽርን ንጹርን ኣዘራርባ ህዝቢ ክንብል እንከለና እኩብ ኣተሃሳልዋ ናይ ደቂ ሰባት ይኸውን። ትምኒትን ባህጊ ህዝብን ክንብል ከለና እውን ናይቲ ኣመልኪትና እንዛረቦ ህዝቢ ትምኒትን ባህግን ይኸውን።

ህዝብና፥ ህዝቢ ኤርትራ፥ ካብ ዘለዎ ህሞት ( ህሞት ናይ ሽግርን ጸበባን) ክናገፍ እንድሕሪ ኰይኑ ወሳንን ተዋሳኣይን ባዕሉን ባዕሉን ጥራሕ እዩ። ሃገራት ዓለም ኣብ ነንሕድሕድ ተጸባበይትን ተደላለይትን ተሓጋገዝትን እየን። ዋላ ሓንቲ ሃገር ካብ ካልእ ሃገር ከይተጸበየት ክትነብር እትኽእል ሃገር የላን። እቲ ፍልልይ ኣብ ሓደ እዋን ሓንቲ ሃገር ካብ ካልእ ሃገር ዝያዳ ወይ ጕደሎ ተጸባይነት ይህልዋ። ምምሕዳርን ፖለቲካዊ ቅርጻ ሃገርን ከም ዝለዋወጥ እውን ታሪኽ ይገልጸልና እዩ። ዓበይቲ መንግስታት ይኹኑ ዓበይቲ ቋንቋታት ሓሊፎምን ጠፊኦምን እዮም። ስለዚ ናይ ተጸባይነት ኣተሃሳልዋ እውን ተቐያያራይ ምዃኑ ዓቢይ መምህርና ዝኾነ ታሪኽ ሃገርናን ዓለምናን የረጋግጸልና እዩ።

ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ቅድሚ ምትካልና ይኹን ምስ ተኸልና ንሕግዘን ሃገራት ኣለዋ፣ ዝሕግዝና ሃገራት እውን ኣለዋ። እቲ ዓይነት ናይ ትቕበሎን ትህቦን ሓገዛት ግን ብብዝሑን ብዓይነቱን ክፈላለ ይኽእል እዩ። ነዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ጨካን ኣርሜን ስርዓት ኣሊና መሰል ህዝቢ ዘኽብር ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ኣብ ምትካል ኣብ ንገብሮ ዘለና ቃልሲ ዓለምን ዞባናን ጐረባብትናን ክተሓጋገዛና ከለዋ ንሕናውን ብወገና ኣብቲ ኣከባቢ ንሰላምን ቅሳነትን ዝዘርግ ዝርከብ ስርዓት ነዳኽምን ንኣልን ብምህላውና ነቲ ኣከባቢናን ዓለምናን እጃምና ነበርክተሉ ኣለና።

ሓገዝ ዝተፈላለየ መልክዓት ኣለዎ። ፕለቲካዊ - ቍጠባዊ - ሕብረተ-ሰብኣዊ - ድፕሎማስያዊ - ወተሃደራዊ - ክኸውን ይኽእል። ንኣብነት ኣብዚ እዋን እዚ ንሕና ተጠርኒፍና ንመንግስቲ ካናዳ ክንሓትት ምስ ንበቅዕ፥ ኣባላት ፓርላማ ካናዳ ዲፕሎማስያዊ ሓገዝ ኣንጻር ህግደፋዊ ስርዓት ክገብሩልና ድልዋት እዮም። ብኣንጻሩ እተን ነቲ ዕላማና ዘይጠዓዓም ፖሊሲ ዝሓዛ ዘበላ እውን ክቃወማና ይኽእላ እየን። ከም ኣብነት በብግዝይኡ ዝተቐልቀሉ መንግስታት ናይ ሱዳን ብዝኽተልዎ ፖሊሲ መሰረት ንቓልስና ሓንሳብ ይድግፍዎ ንሓንሳብ ከኣ ንቃልስና ዘጨንቕ ኵነታት ይፈጥሩልና። <u>እቲ ኣብ ሃገሩ ሰላምን ቅሳነትን ዝኸልእ ከይተተንከፈ ንክነብርን ዕድመ ስልጣኑ ከናውሕን ካብ ዝብል ሓቅነት</u> <u>ዘይብሉ</u>

መርትየ ሒዙ ንህዝቡን ጐረባብትን ዞባን ዓለምን ንምህዋኽን ንምሽቓልን ምስ ከምኡ ዝኣመሰሉ ክሻረኽን ከሽረኽርኽን ንቡር እዩ። ውሳኒ ግን እቲ ብኻልኦት ትረኽቦ ሓገዛት ዘይኮነስ ንጉዳይካ ባዕልኻ ዋንኡን ቀላሲኡን ምስ ትኸውን እዩ።

ከምቲ ኣቐኢ.ምና ዝበልናዮ ምሉእ ስሙር ተሳትፎን ውሕሉልን ዘይሕለልን ጻዕርን ጽዓትን ምስ ዝህሉ ምሉእ ዓወት ምጕንጻፍ ይከኣል። ትሑት ዘይስሙር ተሳትፎ፣ ጐደሎ ጻዕርን ጽዓትን ምስ ዝህልውና ዓወትና ኣጠራጣሪ ይኸውን። በዚ ምኽንያት ነቲ ክንብድሆ ዘለና ስርዓት ይኹን ጉዳይ ክንዲ ዓቕሉ ነጽብበሉ ተወሳኺ ትንፋስ ክንህቦን ዕድመኡ ከነናውሓሉ ንርከብ። እዚ ጥራሕ እውን ኣይኮነን። ተመኵሮናን ታሪኽናን ከምዝሕብረና፡ ኣብ ዘይስሙር ትሑት ተሳትፎን ጐደሎ ጻዕርን ጸዓትን ኣብ እነርእየሎ እዋናት ዋላ እቶም ስለኻን ምእንታኻን ኢ.ና ወዲና እናበሉ ብመደረኦምን ጽሑፋቶምን ዝጥብሩና ዘይተግባራውያን ውድባትን ምንቅስቓሳትን፡ ከም ድላዮም ኣብ ልዕሌና ፈንጠራዕራዕ ክብሉ ዝኽእልሉ ዕድል ንኸፍተሎም። ብኻልእ ኣዘራርባ ብመደረኦምን ጽሑፋቶምን ዝጥብሩና ዘይተግባራውያን ውድባት ንትሑት ዘይስሙር ተሳትፎናን ጐደሎ ጻዕርናን ጸዓትናን ብምልላይ ክምዝምዙና ይርከቡ። ንሕና ምሉእ ተሳትፎ ኣብቲ ጉዳይና እንተ ዝህልወና እዞም ኣባላት ኪ.ዳን ኣብቲ ካልኣይ ጉባኤኦም ምተፈናጨሉዶ ይመስለኩም? ካብ ህዝቢ ንከይንጸሉ ክብሉ ሕቡእ ኣጀንድኦም ወንዚፎም፣ ተግባራቶም ደጕሎም ድጉል ረመጽ ኰይኖም ምቐጸሉ ነይሮም። ስለምንታይ ሓያል ህዝቢ እንበር ኩምራ መሳርያታት ከምዘይኮነ ነዊሕ ናብ ካልእ ከይከድና ታሪኽና ዝምስክሮ እዩ።

ኣብዚ ናታቶም ተግባራት ኣይኮነን ክገርመና ዘለዎ፣ እንታይድኣ እቲ ናትና ትሑት ተሳትፎን ዘይምብዳህን እዩ ከተሓሳስበና ዘለዎ። ብመሰረቱ መን እዩ ተጋግዩ ዝርከብ ዘሎ? መን እዩኸ ዝጉዳእ ዘሎ? ርዱእ እዩ እቲ ንጥቕሙ ምሉእ ተሳፎ ዘየመዝገበን ብዘይሕለል ምሉእ ጻዕርን ጸዓትን ዘይካየድን ህዝቢ ንሱ ጥራሕ እዩ ዝጉዳእን ዝዳኸምን። ጸረ-ጥቕምኻ እንተ ተሰሊ.ፍካ ንጉዳይካ ከም ተዓዛቢ እንተኰንካሉ በየናይ ተኣምር እዩ እሞ ክሰልጠካን ክትዕወትን? እቶም ኣብ ጉዳዮም ጥዕና ዘለዎ ዘረባ ዝዛረቡ ዘለዉ መሲልዎም፣ “ኣነ ኣብዚ የለኹ ኣብቲ የለኹ” “ኣነ ካብ ፖለቲካ ነጻ እየ” ዝኣመሳሰለ ሓሳባት ዝዛረቡ ካብ ዘይምርዳእን ወይ ትንኩልናን ከም ዝብገሱ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እንተ በዚ እንተ በቲ ግን ንመን እዮም ክጐድኡ ዝርከቡ ዘለዉ? ዘየስተውዕሉ ደኣ ኰይኖም እዮም እንበር መጀመርያ ንገዛእ ርእሶም ይሃስዩ። ምኽንያቱ ንሰብኣዊ መሰሎም ብህይወቶም ከለዉ ንክገሃስ የፍቅዱ ብምህላዎም። ካልኣይ እውን ስቓይ ወገኖም ዘይስቆሮም ብምኳኑ ወገኖም ኣደዳ ስቓይን ስደትን ክሳጥሕ ይርከብ።

ሰብ ንጉዳዩ ባዕሉ የጸብቖ ባዕሉውን የኽፍኦ።

ህዝብና ካብዚ ጨካን ኣረመን ስርዓት ንምልቓቕ ንኡድ ተሳትፎ፡ ናይ ሓባር ቀጻሊ ጸዕርን ጸዓትን የርኢ ኣሎዶ? እቲ መልሲ ኩልና ከም ንፈልጦ፣ ኣይኮነን ኢ.ልና ኢ.ና ክንምልሽ። እዚ ርዱእ እዩ ከመይ ከይሓረስካ ከይዘራእካ ኣይምእረርን፤ ከይሰራሕካ እውን ደሞዝ ስለዘይርከብ። ብሰንኪ ዘይዕዙዝ ተሳትፎና ዋላ እቲ ስለኻ እየ ኢ.ሉ ውድባትን ምንቅስቓሳትን ፈጢሩ ዝርከብ እሞ ብፍላይ ኣብ ኪ.ዳን ተጠርኒፉ ዝጸንሐ ጉዳይ ህዝቡ ክንዲ ዝዓጠ ጉዳዩ ዓጢጥዎ “ኣነባ ኣቦ መንበር! ንስኻ ኣቦ መንበር ኣይግብኣካን እዩ!” ብምባል ኣብ ክልተ ግናዓት ተፈልዮም ይርከቡ። ሎሚ ግን ዓሚ ኣይኮነን ህዝቢ ከም ቀደሙ ኣይክግርሃሎምን እዩ። ሕቶ ህዝቢ ኣለልዮም ንምፍትሑ ዘተኣማምንን ቅቡልን መደብ ተግብር ዝተሓወሶ ኣሰራርሓ ሒዞም ክሳብ ዘይተንቀሳቀሱ ህዝቢ ክድግፎም ከምዘይኮነ ከይተበገሱ ከለዉ ክበርሃሎም ይግባእ። እዚ ናይ ፍትሕ ኣዋን ሒዞሞ ዘለዉ ከሕጽርዎ ክኽእሉ ኣለዎም። ክሳብ ዘይመጹ እንደገና ብዝግባእ ንጹርን ግሉጽን መደብ ዓመታዊ ስርሖም ናብ ህዝቢ ከይዘርግሑ ባዕልና ኣለናልካ ክብሉና ይርከቡ ኣለዉ። ብሰንኪ ካልኣይ ጉብኤ ኪ.ዳን ኣብ መንጎ ህዝብን ኪ.ዳንን ጋግ ናይ ዘይምትእምማን ካብ ዝጸንሖ ንላዕሊ ሰፊሑ እዩ ሰፊሑ እዩ ዝርከብ ዘሎ። በዚ ምኽንያት ዝሓለፈ ናይ ኪ.ዳን ጉባኤ ናይ ህዝቢ ተስፋን ጉንዮን ዘጥፍአ ጉባኤ እዩ ነይሩ ምባል ጌጋ ኣይከውንን።

ብቐደሙ ንሕና ከም ህዝቢ መጠን ንጡፍ ተሳትፎ ክንዲ ምርኣይ ነፍስና ኣገሊልና ኣብ ፈቐዶ ንራኸበሎም ቦታታት ከም ባራትን ቤት-ብልዕታትን እንዳሻህታትን ውዘተ.. ንመሕለፍ ግዜ ተባሂሉ እንተዘይኰኑ ብዙሕ ግዜ ቁምነገር ምክታዕ ኣይርከቦን… ኣብ ምእካብን ምትእኽኻብን ዝርክብ ግዱስ ኤርትራዊ ምስቲ ቍጽሪ ህዝብና ኣመዛዚንካ ብዙሕ ውሑድ እዩ። ዕዙዝ ተሳትፎና ወሳንነትን ሓይልን እዩ። ኣነጺሩ ክርድኣና ዘለዎ፣ ባዕልና ኢ.ና ንውርደትን ሕስረትን ህዝብና ነናውሖን ነሕጽሮን። ብጃካ

ውርደት ህዝብና ዝሓጽረሉን ዝድምደመሉን ካልእ ኣማራጺ የብልናን። ዕዙዝ ተሳትፎና ግን ወሳንነት ኣለዎ።

ዕዳጋ ወሪድካ እንታይ ኣምጻኻ እንድዩ፤
እቲ ውጽኢት ብመንጽር ናይ ህዝቢ ዕዙዝ ተሳትፎን ቀጻሊ ጸዓትን ጻዕርን እዩ ክረአ - ተሳትፎና ክዓዝዝ ክንእከብ ክንክእል ኣለና። ተኣኪብናውን

1- እቲ ጸገማትና እንታይ እዩ ምባል የድሊ።
2- ነዚ ጸገማትና ድሕሪ ምፍላጥ ንምፍትሑ እንታይ ኣማራጺ መፍትሕታት ኣቐሚጥና
3- ዝሓሸ መማረጺ ኣየናይ እዩ ኢልና ምውሳን
4- ነቲ ዝወሰናዮ መማረጺ ከመይ ንዕወተሉ ኣለና ኢልናውን ክንግምግም ክንክእል ይህልወና። ዘዐውተና እንተሎ ክንቅጽሎ ዘየውተና እንተሎ ከኣ ከይተዳኸምና ብዓንተብኡ ካልእ ዝሓሸ ኣማራጺ ምሓዝ እዩ።

ናይ መን ጉድለትን ድኽመትን እዩ ሽግርና ኣብ እዋኑ ክፍታሕ ዘይምኽኣሉ? ጸገም ባዕሉ ከም ዘይፍታሕ ንኹልና ርዱእ እዩ። ብግቡእ እንተዘይተበዲሁ ጸገም ከምዘለዎ ክጸንሕ ወይ ውን እናሰፈሐን ኣናገደደን ክኸይድ ይኽእል። ስለዘመኽነናስ እቲ ጉዳይ ይፍታሕዶ? ምኽንያት ምሃብ ንገዛእ ርእሱ ምልክት ናይቲ ሽግር ዘይምፍታሕ እዩ። ስለዚ ምኽንያት ምቕራብ ንገዛእ ርእሱ መፍትሒ ኣይኮነን።

ኣብዚ እዋን እዚ ብሰንኪ እቲ ናይ ኣዲስ ኣበባ ተረኽቦ ማለት ኣባላት ኪዳን ኣብ ኩሉ ተሰማሚዐንስ ኣብ ምርጫ ምስ በጽሓ ስለ ዝተፈናጨላ ናይ ሞራል ምውዳቕን ምንዝልሓጥን ንርእን ንሰምዕን ኣለና። እዚ ከጓንፍ ዝኽኣለ ንሕና ከም ህዝብን መሰረትን መጠን ንውድባት ብሓላፍነትን ተሓታትነትን ግሉጽነትን ናይ ኣገባብ ኣሰራርሓ ኣምራት ክሰርሓ ብዘይምኽኣለን እዩ። ስለዘይንሓተንን ዘይንከታተለንን ጽልዋን ጸቕጥን ዘይንፈጥረለንን ኣብ ህዝቢ ዘይተጸበዮ ኣብ ኣሉታዊ ውሳኔታት ስጉምትታትን የምርሓን ይበጽሓን። ፖለቲካ ብጽልዋን ጸቕጥን ናይ ህዝብን መሰረትን ስለዝሰርሕ፤ ፖለቲካዊ ጸቕጢ ፖለቲካዊ ጽልዋ ክወሓድ ከሎ ፖለቲካዊ ዕግሽግሽ በቲ መለክዒ ናይ ህዝቢ ፖለቲካዊ ክስራን ክርከብ ንቡር እዩ። ስለዚ እቲ ጉድለታት ኣበይን እንታይን እዩ?

<u>ቀዳማይ</u> ብመሰረቱ ምንጪ ናይቲ ጌጋ ናይ ህዝብን መሰረትን እዩ። ህዝብና ንህግደፍ ናጽነት ዝኣክል ኣምጺኣምስ ንዓና ኣይብዱሉናን ብማለት ተገሪሁ ድላዩ ንክሰርሕ ብህዝቢ ቀጠልያ መብራህቲ ስለ ዝተውለዓሉ ካብ ውልዶ ተመን ናብ ገበል ተለዊጡ ክውሕጠና ይርከብ ኣሎ። ኣብዝ እውን ምስ እዘን ውድባት ዳግማይ ንጋገ ኣለና ንብል። ካብ መሰረቱ ቍሩብ ጠሊቕና ንውድባትና ከነለሊ ይግብኣና እዩ ነይሩ።
<u>ካልኣይ</u> እዘን ውድባት እዚኣተን ብሰራርሓ ድዩ ብስነ-ሓሳብ ብውሑድ ኣብ ክልተ ዝተመቕላ ክኾና እዩ ነይረወን። ክኸውን ዝግባእ ቅድሚ ኣብ ምሕዝነት ወይ ኪዳን ምጥርናፍ፣ እቶም ዝሰማምዑ ዘበሉ ኣቐዲሞም እንተዝሰምሩ ዝድለን ቅቡልን ቀዳማይ ኣማራጺ እዩ ነይሩ።
<u>ሳልሳይ</u> ኩሎም ተጠራኒፎም ብድሕርዚ እቶም ክሰማምዑ ዝኽኣሉ ዘበሉ ኣብ ሓደ ክመጹ ካልኣይ ኣማራጺ እዩ። እዚ እውን ኣይሰርሐን ዘይኮነስ ኣብ ግሊኡ መዳይ ብዙሕ ምርሕሓቕውን ፈጢሩ እዩ።
<u>ራብዓይ</u> ፡ ኣብዝሓለፈ ሸሞንተ ዓመታት ብኣሰራርሓ ምሕዝነት ይኹን ኪዳን ማንም ሕጉስ ኣይኮነን። ኩሉ ዝጓነፎም ዘበለ ወርቃዊ ዕድላት ከይተጠቕምሉ ተሪፎም።

እቲ ትጽቢትናን ትምኒትናን ካልእ እዩ ነይሩ እቲ ዕዳጋና ግን ብሓፈሽኡ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ እዩ ኰይኑ። ዕዳጋ ዝሃበና ከኣ ማንታ ኪዳን ሸሚትና ንርከብ። ሕጂውን እቲ ምፍልላይ ኣይኮነን እቲ ጸገም - ብትንተና እንተርኢናዮ ውድድር የዐውት እንበር ንድሕሪት ኣይመልስን እዩ። ክንዲ ምውድዳር ግን ካብ ቅርሕንቲ ተላዒልና ኣብ ሕነ ምፍዳይ ዝዓይነቱ ስጉምቲ እንተኸድና ብህዝቢ ኣይቅቡል ብመሰረታት እውን ኣይቅቡልን እዩ።
ኣብ መደምደምታ እዚ ኣብ ኤርትራ ንህዝቢ ኤርትራ ዘጓንፎ ዘሎ መግፋዕቲ ከብቅዕ እንተኾይኑ ከምኡውን ቀዛፊ ስደት መንእሰያት ክኽትም እንተኾይኑ፤ ብፍላይ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝርከብ ህዝብና ምሉእ ስሙር ተሳታፍነትን ዘይሕለል ጻዕርን ጸዓትን ከመዝግብ ይህልዎ። ውድባት ከም ግቡኡ ክምህራን ከሳትፋን ከባራትዓን እዩ ነይርወን፡ ካብ ኮነ ግን ወሳንነት ዘለዎ ህዝቢ ስለዝኾነ፤ ህዝቢ ወሳንነትካ ብንጡፍን ዕዙዝን ተሳታፍነትካ ክሳብ ህዝባዊ ስልጣንካ ትዓትር ኣይሰልክኻ። ክትዕቅቦውን ከምዘለካ ብኣትኩሮ ንቕሓሉ።

## <u>“ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላትካ ትምንዝየን ትዕቅቦን እንበር ኣይምጠወካን”</u>